## ኣነ ሓዋርያ እየ ሓዋርያት ከኣ ይነግሩ እዮም። ስለዚ ሰብ ብዘይ ሕጊ ኣይትእሰር። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከጠይቖካ እዩ’’ ቃል ኣቡነ እንጦንዮስ

ሕዝቢ ኤርትራ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ተጣሒሱ ይነብር ኣሎ። ምኽንያቱ ኣብየት ዚብለሉ ግዝኣተ ሕግን ቅዋማዊ ትካልን ስለዘይብሉ። እዚ ዚገዝእ ዘሎ ኢሕጋዊ ዝተወደበ ስርዓት ናይ ህዝቢ ውክልና የብሉን። ነቲ ኣብ ቲሕትኡ ዚነብር ሕዝቢ ብመልክዑ ኪሰርሖ ለይትን መዓልትን ጽዒሩስ ፍረ ጻዕሩ ረኺቡ ገለ ክፋል ህዝቢ ሕልና ዘለዎ ሰብ ኪገብሮ ዘይክእል ስራሕ ኪሰርሑ ይርከቡ። ክፋል ሕዝቢ ኤርትራ ዝነበሮ ሞራላዊ ሕልና ጥሒሱ ነቲ ንስነ ምግባርን ሕግን ዚጽየን ዚጥሕስን ዝተወደበ ስርዓት መሲሉ ኪብሃል ይከኣል። ብሕጊን ሞራላዊ መትከላትን ተመሪሑ ዘይከይድ ሕዝቢ ወይ ሃገር ከኣ ኣብ ጸልማት ዚነብር ዘሎ ሕዝቢ ንክትብሎ ዘጸግም ኣይኮነን።

ንሕዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ናይ ጸልማት እዋን ብሩሃት ከዋኽብቲ ኾይኖም መንገዲ ሓቂ ዚኣመትሉ ደቂ ሕዝቢ ኣይነበሩን ክብሃል ኣይከኣልን። ካብኣቶም ኣቡነ እንጦንዮስ ስለ ነቲ ብኣምላኽ ዝተዋህቦም መንፈሳዊ መዝነትን ንጥሕሰት ሕግን ፍትሕን ቤተ-ክርስትያኖምን ሕዝቦምን ደው ኢሎም ኣብ ማእከል ሕምብርቲ ኤርትራ ኮይኖም ምብዳሆም ብቀዳምነት ክጥቀሱ ይከኣል። ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጸገሙ ድምጺ ዚኾኑዎ መንፈሳውያን ኣቦታት ከምዘይ ሰኣነ ኣብ ታሪኽ ስኑድ እዩ። ንኣብነት ኣብ ጊዜ ደርጊ ስለ መሰል ሕዝቦም ድምጾም ዘሰምዑ ኣቡነ ኣብርሃ ስለ ሕዝቦም ዚተኣስሩ ንመንግስቱ ኣብ ገጹ ሰብ ኣይትቅተል ኢሎም ዝመደሩ ብምኽንያት ማእሰርቶም ዚዓረፉ ኣባ ኣጎስጢኖስ ክጥቀሱ ይከኣል። ናይ ኣቡነ እንጠንዮስ ፍሉይ ዚገብሮ ኣብታ ብደቃ እትመሓደር ሃገር ኣብ ማእከል ሕዝቦም ብግፍዒ ንነዊሕ ዓመታት ተኣሲሮም ምሕላፎም እዩ። ብተወሳኺ ፍሉይነቱ ጉዕዞ ምድራዊ ሕይወቶም ብመጠኑ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ምስናዱ እዩ። ካብቲ ብቃሎም ኣብ ቪድዮ ዝበሉዎ ተበጊሰ ኣብ ሰለስተ ሓሳብ ከተኩር እየ።

ቀዳማይ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ እቲ ዓይኒ ማይ ኩሉ ዓይነት ቅድሰና ዝኾነ ኣምላኽ ካብ ቅድስናኡ ክንካፈል ወትሩ ጊዜ ከይተሓለለ ከምዝጽዉዓና ንርኢ። (ዘለ 20፥ 7)
ስለ ዝኾነ ንኣቦና እንጦንዮስ ኣብቲ ናይ መጨረሻ ዘበኖም ንተኸተልቲ እምነተ ተዋህዶ ብስም ክርስቶስ ክጓስዩ፣ ብቃልን ብግብርን ብዝፍጽምዎ መንፈሳዊ ስራሑ ጉስነት ካብ ቅድስና ኣምላኽ ክካፈሉ መሪጹዎም (ጸዊዑዎም)።
ንኣቡነ እንጦንዮስ ኣብ ጊዜ ሸመቶም ከኣ ምልክት መንፈሳዊ በትሪ ዝኾነ ግዙፍ በትረ ሙሴ ብቤተ-ክርስትያኖም ተዋሂቦም። ንመንፈሳዊ ድልየት ምእመናን ከማልኡ ንቤተ-ክርስትያኖም ብሕጊን ብስርዓትን ከማሓድሩ ዓመጽ ከይህሉ ኪሕልዉ ከም ኩሉ መንፈሳዊ ኣቦ ዚገብሮ ኣገልግሎቶም ጀመሩ። እንተኾነ ፖለቲካን ሃይማኖትን ኣብ ዘዝግብኦ ቦታ ከቐምጡ ብዘይክእሉን ዘይደልዩን ሰባት ተቓውሞ ተላዕሎም። ዘይሕጋውን ዘይቅኑዕን ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ምድብላቕ ዝወለዶ ሽርሒ ንመንፈሳዊ መዝነቶም ኪዕንቅፎ ጊዜ ኣይወሰደን። ሕጊ ቤተ-ክርስትያንኖምን ሕጊ ዓደቦኦምን ብዘየፍቅዶ መንገዲ ኣብ ልዕሊኦም ናብ ዳይና ዘይቀርብ ክሲ ተበየነሎም። በዚ ምኽንያት እቲ ዚርኦ ምልክት ጉስነቶም ዝኾነ በትሮም ብግዙፍ ካብ ዓይኒ ምእምናኖም ን16 ዓመት ዝኣክል ብተጻረርቶም ተኸወለ። ከሰስቶም ንሰብኣዊ መሰሎም ብምግፋፍ ንመንፈሳዊ ኣቦነቶም ካብ ምእመናኖም ኪበትኩ ብምሕሳብ ኣብ ሓንቲ ጸባብ ገዛ ዓጸውዎም።
እታ ጸባብ ገዛ ግን ነቲ ኣምላኽ ብኦም ጌሩ ንሕዝቡ ከመሓላልፎ ዝደለዮ መልእኽቲ ክትክልክሎ ኣይከኣለትን። ብዘገርም መንገዲ ኣምላኽ ነቲ ባዕሉ ዝሃቦም መንፈሳዊ በትሪ በቲ ኣብ ልዕሊኦም ዚወረደ ሓይሊ ጸልማትን ክፍኣትን ተመንዚዑ ፍረ ዘይብሉ ኪተርፍ ኣይፈቐደን። ግፍዕን መከራን ምትላልን ጸለመን ውርደትን ማእሰርትን ስቓይን ሕማምን ሞትን ንመንፈሳዊ በትሮም ኣይሰበሮን። እኳ ድኣ በታ ጸሎት ትሕትና ሓቂ ፍትሒ ምሕረት ፍቕራዊ ተግሳጽ እትውንን መንፈሳዊት በትሮም ጌሮም ነቲ ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስትን ኣባላት ሲኖዶስን ዝመጾም ፈተናን መከራን ገላሊሆም ክሳብ ሞት ጸንዑ። ኣብ ጊዜ ሸመቶም ንዝተዋህቦም ሓላፍነትን ንዝሃብዎ ቃልን ልዕሊ ሕይወቶም ሰሪዖም ደዉ በሉ።
ቃል ኣምላኽ ኣብ ወንጌል ዮዉሓንስ “… ኣባይ ሰላም ክትረኽቡ እዚ ነገርክኹም፣ ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎኩም ፣ እንተኾነ ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ሥዒረያ እየ” ይብል።(ዮሓ16:33) ዮውሓንስ ወንጌላዊ ሓደ ካብቲ ንዓለም ዚህቦ ትርጉም እቲ ንቃል ክርስቶስ ዘይኣምን ብመንፈስ ትዕቢትን ትምክሕትን ሕነ ምፍዳይን ሻርነትን ሕሜታን ሓሶትን ንኣይ ይጥዓምኒን ዚተመልአ ስሚዕትን ኣተሓሳስባን ኣተናን መንፈስን ዘለዎ ሰብ ወይ ጉጅለ እዩ። ኣቡነ እንጦንዮስ ነዚ ሰብኣውን መንፈሳውን መሰል

ኣመንቲ ዘዋርድ ኣብ ላዕሊ ዚተገልጸ ዓለም ብግብሪን ቃልን ብትብዓት ተቓሊሶም ስዒሮም። ንዝተዋህቦም ጸጋ ሕይወቶም ብምሕላፍ መንፈሳዊ ኣቦ ምዃኖም ኣመስኪሮም።

ካልኣይ ኣቡነ እንጦንዮስ ህያዉ ኣብነታዊ መምህር ፍትሒ እዮም። ከመይሲ ኣቡነ እንጦንዮስ ንመራሕቲ ፍትሒ ዝጓዕጸጹ ዓበይቲ ትካላት ኤርትራ (መንግስትን እምነት ተዋህዶን) ንሕጊ ከምእዘዙ ብዘይፍርሃት ብዓዉታ ጸዊዖም። ንቅኑዕ ፖለቲካን (ምሕደራን ሃይማኖትን ዘራኸስን ዝሓዋውስን ጸልማታዊ ሓሳብን ተግባርን ብቅንዕናን ግዝኣተ ሕግን ክስዓር ንዝረኸብዎም ሰባት ብቃሎም ኣነቓቒሖም። ካብ ቃሎም ነቶም ንብረቶም ኪገፉ ዚመጹ ኣቕሽሽትን ፖሊስን ካብ ዑረት መንፈስን ድንቁርናን ዕውር ተኣዝዞን ሓራ ኪወጹ ኪምህርዎም ምእንቲ “ናተይ ከምዘይኮነ ኣብ ቤት ፍርዲ ወሲድኩም ርትዑኒ እዚ ኣብዚ ዘሎ ንብረት ናተይ እዩ” ክብሉ ይስምዑ። እቶም ሰባት ተኣዚዞም ይገብሩዎ ከም ዝነበሩ ኣይጠፈኣምን። ከምኡዉን ካብ ስስዐ ንብረት ናይዚ ዓለም ተበጊሶም ዚብሉዎ ዘይኮነስ ዝኾነ ሰብ ብመትከል ሕጊ ተመሪሑ ኪነብር ዘምህር ለባም ዘረባ እዩ። ኣብዚ ጥልመትን እንታይ ገደሰኒን ንኣይ ይጥመዓኒን ክፍኣትን ዝሰፈኖ ጊዜ ንነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ካብቲ ዝለዓለ ብዓል ስልጣን ክሳብ ተራ ሰብ ፍትሓዊ ሕጋዊ ክኸውን ስለ መሰሉ ክዛረብ ጎድኒ ውጹዓት ክኸውን ብኣብነት ዘምሃሩ ናይ ሞራል ኣቦ ምዃኖም የርኢ። ብዘይ ፍትሕን ሕግን ሃገርምን ህዝቦምን ኣብ ሕንፍሽፍሽን ምክፍፋልን ከኣቱ ከምዚኸእል ብምእማን በዲለ እንተኾይኑ ኣብ ሕጊ ኣቕሩቡኒ ብምባል ንዓመታት ተጋዲሎም። ሙጉቶም ካብ መንፈስ ህልኽን ህርፋን ስልጣንን ዝነቐለ ስነ-ሞጐት ዘይኮነስ ካብ እምነታውን ግብረ-ገብነታውን መትከልን ካብ ዓሚቝ ተረድኦ ጸዋዕታኦምን መንፈሳዊ ኣገልግሎቶምን ዚፈልፈለ ትብዓትን ጽንዓትን እዩ።
ሳልሳይ ኣቡነ እንጦንዮስ ድሕነት ዘድልዮም ፍጡር ኣምላኽ ምዃኖም ብቃሎም ይኣምኑ። ታሪኽ ዓበይቲ ቅዱሳን ምስ እንምልከት ሓንቲ ከይተኣመኑ ክሰግሩዋ ዘይደልዩ ሓባራዊት መግለጺት ኩነተ ሕይወቶም ኣላቶም። ንሳ ከኣ “ኣነ ሓጢኣተይና እየ” ብምባል ቦታኦምን ቦታ ኣምላኽን ብንጹር ዘለለዩ ምዃኖም ይገልጹ። እዛ ነጥቢ እዚኣ ንቃል ዓለም ዚብሉዋ ኣይኮነትን። ኣብቲ ብቪድዮ ዝተመልአ ቃል ኣቡነ እንጦንዮስ ነዛ ዚተጠቕሰት ሓሳብ ብህዱእ መንፈስ ደጋጊሞም ከድምጽዋ ይስምዑ። ዕብየትን ቅድስናን ምሕረትን ኣምላኽ ከምቲ ዳዊት “ጠዓሙ ወታእምሩ ከመ ሔር እግዚኣብሔር” ዝብሎ ብዓይኒ እምነትን ተሰፋን ምስ ተመኮሩዎን ጠዓምዎን ረኣይዎን ምስ ሕይወቶም ብምንጽጻር ዝበጽሕዎ ደረጃ ተኣምኖ እዩ። ማርቆስ ወንጌላዊ ቀንዲ ምኽንያት ስጋዌ ኢየሱስ ክርስቶስ “ንሓጥኣን ክጽውዕ” ከምዝመጸ የበስር።(ማር2፣ 17) ቅዱሳን ነቲ “ተነስሑ ብኣይ እመኑ” ዝብል ጸዊዒት ኣምላኽ ሰሚዖም ብእምነት ዚመለሱን፣ በዚ ጥዑም ብሥራት ስሚዒቶም ዚጠለለ ኣእምሮኦም ዚበረሀ ልቦም ዚተሓጎሰ እዮም። ነፍሶም ብምሕረቱ መመሊሳ ክትዓግብን ክተመስግንን መዓልቲ መጸ ብጸሎትን ንስሓን ተጋድሎን ፍቓድ ኣምላኽ ክፍጽሙ ይጽዕሩ። ወዲ ሰብ ብፍላይ እቲ ድኻ ርኡይ እዝጊ ብኣርኣያ ኣምላኽ ዚተፈጥረ ክቡር ምዃኑ ኣሚኖም ከይብደል ይጣበቑ። ኣበሳናን ሓጢኣትናን ኣይትርአ ብምባል ምእንቲ ከሉ ሰብ ምሕረት ኣምላኽ ኪረክብ ዘማልዱ እዮም። ቅድስና ምስ ጸጋ ኣምላኽ ብምትሕብባር ዚርከብ ኩነት እምበር ሰብ ብሓይሉ ብመንፍዓቱ ብፍልጠቱ ዚብጻሕ ከምዘይኮነ ሕይወት ኣቡነ እንጦንዮስ ሕያዉ ምስክር እዩ። ንኣቡነ እንጦንዮስ ተግባሮምን ቃሎምን ኣብ መስመር እቶም ብትሕትናን ቅድስናን ሕይወቶም ዘወፈዩ ዓበይቲ ቅዱሳን ናይ ኣምላኽ ሰባት ይሰርዖም።
ከምቲ ቅዱስ ቃሉ ዚብሎ ክሳብ ሞት እሙን ብሙዃን ኣኽሊል ዓወት ኪቅበሉ ካብዚ ዓለም ናብቲ ካብ ንእስነቶም ዘገልገሉዎ ኣምላኽ ብቕድስና ታሪኽ ጽሒፎም ሓሊፎም። ሳላ ጽንዓትን ውፉያት ሰዓብቶምን ከኣ ድምጾም ናብ ዓለም ተቓሊሑ። ታሪኽ ሕይወቶም ንዘለዓለም እናተዘከረ ክነብር እዩ።

ብዛዕባ ሕይወቶም ዚተባህለን ዚተገብረን ኩሉ ንትማልን ንሎሚን ንጽባሕን ዝሓቁፍ ታሪኻዊ ሓድጊ ኣለዎ። እዚ ታሪኻዊ ሓድጊዚ ነዞም ዚስዕቡ ነበርቲ ክብርታት ክንኩስኩስን ክንሕሉን ዘኸእሉና ሓይሊ ኣለዎ።

1. ዝተፈጸመ ግፍዒ ከይድገም መምሃሪ ኪኸውን ኣብ ታሪኽ ኪጽሓፍ ይግብኦ። ንሸማግለ መንፈሳዊ ኣቦ ን16 ዓመት ዚኣክል ብጭካነ ምግፋዕ ሞራላዊ ሕልና ኤርትራውያን ማዕረ ክንደይ ባይታ ዘቢጡ ከምዘሎ የረድእ። ጌና ሕጂዉን ድሕሪ ዓመት ሃለዋት ህዝቢ ኤርትራ ኣይተመሓየሸን። ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ውድቀቱ ኣሚኑ ክንትንስ ይግብኦ።
2. ነፍሲ ወከፍ ብሓቀይና ሓበሬታን ፍልጠትን ዝበረሀ ኣእምሮ ኪህልዎ ክጽዕር ዚሕብር ታሪኽ ኮይኑ ክቕጽል እዩ።
3. ንሓቅን ሓሶትን ጸልማትን ብርሃንን ዚፈሊ ፈሪሓ እግዚኣብሔር ዝሕላገቱ ቅኑዕ ሕልና ኪምራሕ ሓላፍነት ዘልብስ ታሪኽ እዩ።

4. ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ስለ ውጹዕን ግፉዕን ሰብኣዊ መሰልን ብትብዓት ደው ኪብል ዘኽእሎ ኣተናን ኣቅዋምን መንፈስን ክንዉንን ዘስንቕ ታሪኻዊ ሓድጊ እዩ።

ኣብ መጨረሻ ክብሎ ዝደሊ መስዋእቲ ቅዱስ ኣቡነ እንጠኒዮስ ንኹሉ ብዓል ጽቡቕ ድላይ ኤርትራዊ እምነቱ ብዘየገድስ ብፍላይ ንተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ንብዓት ሓጎስን ንብዓት ጸጸትን ንስሓን ኣንቢዑ ዕርቅን ምሕረትን ከዉርድ እምነ። ናይ ኣቡነ እንጠንዮስ በረኸቶምን ጸሎቶምን ንሕዝቦም ኣይግደፍ። ንነፍሲ ወከፍና ከኣ ኣዕንቲ ኣእምሮናን ልብናን ጎልናን ይኽፈት። ንህዝቢ ኤርትራ ፍትሕን ሰላምን የውርደሉ።

ካቶሊካዊ ምእመን ኣትላንታ